# ማሕበር ልምዓት ኢሮብ (ማልኢ)

# Irob Development Assocation (IDA)

## መምረሒ ፋይናንስ፣ንብረት፣ዕደጋ፣ሓይሊ ሰብን

## ከይዲን ርክብ ምስ ጨንፈራትን መዳርግቲ ኣካላትን

1. መእተዊ ........ 5
ምዕራፍ 1 ........ 6
1.1. መምረሒ ፋይናንስ ........ 6
1.1.1. ገንዘብ ምቕባልን ኣታዊ ምግባርን ........ 7
1.1.2. ናይ ገንዘብ ወፃእታት ምእዛዝ፣ ........ 7
1.1.3. ገንዘብ ወፃኢ ምግባር ........ 8
1.1.4. ገንዘብ ምኽፋል ........ 8
1.1.5. ናይ ሒሳብ ሰነዳት ምሓዝ ........ 8
1.1.6. ሒሳብ ምምዝጋብ ........ 9
1.1.7. ናይ ማ.ል.ኢ ምምሕዳርን ፕሮጀክትን ወፃእታት ዝምልከት ........ 9
ሀ. ናይ ስራሕ መካየዲ ኣበልን ጥቕማጥቕምን ........ 10
ለ. ናይ ቦርድ ኣባላት ኣበልን ጥቕማጥቕምን ........ 10
ሐ. ናይ ጨንፈር ኮሚቴ ኣበልን ጥቕማጥቕምን ........ 11
መ. ናይ ገንዘብ ወፃኢ ሓላፍነት ........ 11
1.1.8. ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኦዲት ዝምልከት ........ 12
1.2. ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ፀብፃብ ምድላው ዝምልከት ........ 12
1.2.1 ናይ ማ.ል.ኢ ስራሕቲ ፀብፃብ ምስራሕ ዝምልከት ........ 13
1.2.2. ናይ ማ.ል.ኢ ኦዲት ፀብፃብ ምስራሕ ዝምልከት ........ 13
ምዕራፍ -2- ........ 14
2.1 ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ንብረት ምሕዳሪ ማንዋል ........ 14
2.1.1 ንብረት ኣታዊ ምእዛዝ ........ 14

2.1.2 ንብረት ኣታዊ ምርግጋፂ ....14
2.1.3 ንብረት ኣታዊ ምቅባል ....14
2.1.4 ንብረት ወፃኢ ምግባር ....15
2.1.5 ንብረት ወፃኢ ገይርካ ምሃብ ....15
2.1.6. ንብረት ምሕታት ዝምልከት ....15
2.2 ናይ ገንዘብን ንብረትን ሰነዳት ምሕታምን ኣብ ጥቅሚ ክውዕል ምግባር ....15
2.2.1 ናይ ኣታውን ወፃኢን ሰነዳት ዝምልከት ....15
2.2.2 ሰነዳት ምርካብ ወይ ኣብ ስራሕ ምውዓል ....16
2.2.3 ናይ ንብረት ሰነዳት ዝምልከት ....16
ምዕራፍ 3 ....16
3. ስርዓት ዕደጋ ዝምልከት ....16
3.1. ዕደጋ ምውሳን ምእዛዝን ዝምልከት ....16
3.2. ዕደግ ....16
3.3. ሚሳ ዕደጋ ....17
ምዕራፍ 4 ....17
4. ስርዓት ምሕዳራ ሓይሊ ሰብ ....17
4.1. ብናይ ማ.ል.ኢ ጉባኤታት ምርጫ ዝጣይሽ ....17
4.2. ስራሕ፣ ስልጣን ተግባርን ....17
4.3. ስራሕተኛታት ምቁፃርን ምስንባትን ዝምልከት ....18
4.4. ምሕደራን መመዘኒታት ቁፃር ስራሕተኛታት ዝምልከት ....18
ምዕራፍ -5- ....19
ርክብ ምስ ኣማራርሓን ኣባላትን መዳርግቲ ኣካላትን ....19
5.1. ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጉባኤ....19

5.2. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣመራርሓ ኣኼባ....................................................................................19

5.3. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ጨንፈር ጉጅለ ባህሊ ኢሮብ .........................................................20

5.4. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር ዩኒቨርሲት ተምሃሮ..............................................................20

5.5. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር ዲያስፓራ ..............................................................................21

5.6. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ናይ ኢሮብ መንግስቲ ዝምልከት...................................................22

5.7. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ናይ ማሕበር ፕሮጀክታት ተጠቀምቲ ..........................................22

5.8. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ደገፍቲ ኣካላት...........................................................................22

5.9. ማልኢ ምስ ሳሆ ሬድዮን ተለቭዥንን ፕሮግራም ......................................................................23

5.10. ናይ ማልኢ ልምዓት፣ ባህሊን ቋንቋን መደባት መፈፀሚ ገንዘብ ምትእኽኻብ ........................23

6. መጠቃለሊ.....................................................................................................................24

7. ትግበራዉነቱ እዚ መምረሒ ..........................................................................................24

## 1. መእተዊ

ህዝቢ ኢሮብ ዝነብረሉ ዘሎ ኸባቢ ቅድም ብኣግራብ ዝተሸፈነን ንሃብቲ እንሰሳ ምቹዊ ብምንባሩ ፍልፍል ፅሩይ ማዓርን ፀባን ጠሰምን ንኽትነብሩሉ ዘሕጉስ ነይሩ፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ግን ኣግራብ በሪሱ ብምኽንያት ተደጋጋሚ ደርቕን ኩናትን ህዝቢና አደዳ ድርቂ ካብዝኸውን ነዊሕ እዋን ኣቑፀሪ ኣሎ፡፡ስለዝኾነ ነዚ ንምፍታሕ ካብ ኢሮብ ወፃኡ ተወሊድትን ምሁራትን ኽውደቡ ብዙሕ ፃዕር እናገበሩ ፀኒሖም እዮም፡፡ እንተኾነ ግና ውፅኢቱ ከይተርኸበ እናሃለው ኩናት ኢትዮድያን ኤርትራን ብምግጣሙ ህዝቢና ንዝላዓለ ስደትን ሞትን ጥረቱን ንብረቱን በሪሱ ረዲኤት ግዱሳት ደቂ ሰባት ኣብ ምፅባይ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ተወለድቲ ኢሮብ ነበርቲ መቐለ ነቲ ህዝቢ መሊስካ እግሪ ንምትካለን ብኡ ኣቢልካ ካብ ድኽነት ንምውፃእ ዝገብሮ ፃዕሪ ንምሕጋዝን ሓምለ 8\11\1995 ዓ\ም ማሕበር ልምዓት ኢሮብ መስርቶም ሕጋዊ ፍቃድ ብውፃእ ኣብ ምንቅስቃስ ንርከብ፡፡

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣብ ራብዓይ ጉባኤ ብዘፅደቆ መተሓዳደሪ ደንቢ ኣንቀፅ ቁፅሪ 5ን 6ን ዝተቐመጡ ነጥብታት መሰረተ ንምስራሕ ናይ ሰለስተ ዓመት ስተራተጂክ ትልሚ ብምድላው በቢዓመቱ ድማ ዓመታዊ ትልምን በጀትን ኣዳልዩ ብምትግባር ዝተጣየሸሉ ተግባርን ሓላፍነትን እናተዋፀአ ፀኒሑን ሐዚ'ውን እናቐፀለን ይርከብ፡፡ ማሕብር ልምዓት ኢሮብ ቀፃሊ ጉዕዝኡ ዝበለፀ ንምግባር ሕሉፍ ጉዕዞኡ ብዝርዝር መፅናዕታዊ ፅሑፍ ብምክያድ ልዕሊ 10 ዓመታት ስራሕቱ፣ ውፅኢታት፣ ድኽመታትን ጥንካረታትን ብምግምጋም ናይ ቀፃሊ 5 ዓመት ስተራተጂክ ኣንፈታት ክንፅር ብምግባር ራብዓይ ጉባኤኡ ኣካይዱ እዩ፡፡ ኣብቲ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ውሽጢ ካብ ዝተልዓሉ ቁልፊ ጉዳያት ዝርዝርን ግልፅን ዝኾነ ምሕደራ ፋይናንስ፣ ንብረት፣ ዕደጋ፣ ሓይሲ ሰብ ወዘተ ዘይምህላውን ካልኦት ጉዳያትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ ናይ IDA Stakeholder analysis and SWOT ANALYSIS (strengths, weakness, opportunities & threats) ኣቕሪቡ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ኣብ ምሕደራ ፋይናንስ፣ ንብረት፣ ዕደጋ፣ ሓይሲ ሰብ፣ ርክብ፣ ወዘተ ዝምልከት ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብናይ ማሕበርና መተሓዳደሪ ደንቢ ኣንቀፅ 20 ንኡስ ኣንቀፅ ቁፅሪ 5ን 6ን መሰረት ብምግባር እዚ ዝስዕብ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ማንዋል ማለት መምርሒ ኣዳሊዩ ኣሎ፡፡

ራኢይ፡- ካብ ድኽነትን ድንቁርናን ዝተናገፈት ዘላቒ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዝተረጋገፀላ ኢሮብ ምርኣይ

ልኡኽ፡- ኣብ ውሽጢ ዓዲን ወፃኢን ዘለው ተወለዲትን ፈተወትን ኢሮብ ኣብ ትሕቲ ዕላሊ ማልኢ ብምውዳብ ናይ ልምዓት ማሕበርዊን ስራሕቲ ብምስታፍ መነባብሮን ሓድነትን ህዝቢ ኢሮብ ክጠናኸር ምስራሕ

ዕላማ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ፡-

1. ናይ ልምዓትን ማሕበራዊ ግልጋሎትን ስራሕቲ ብምስራሕ ድኽነት ምንካይን መነባብሮ ህዝቢ ኢሮብ ምምሕያሽ
2. ባህልን ቅርስን ቋንቋን ህዝቢ ኢሮብ ምዕቃብን ምምዕባልን
3. መስስይ ክብርታትና

ሓድነት፣ ምክብባር፣ ብሓባር ምስራሕ፣ ብነፃ ምግልጋል፣ ህዝቢ ምግልጋል፣ ዘይሻራውነት፣ ነፃነት፣ ክብሪ ሰብ ምሕላው፣ ረብሓ ህዝቢ ምቅዳም፣ ታኣማንነት፣ ታሓታትነት፣ ሓላፍነት፣ ሰብኣውነት፣ ካብ ፅልዋ ፓለቲካን ነፃ ሙኻን፣ ልዕልና ሕጊ

## ምዕራፍ 1

### 1.1. ምሕደራ ፋይናንስ

ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ገንዘብ ኣታውን ወፃእን ብናይ ማሕበር ትልምን በጀትን ብናይ ማሕበር ናይ ፋይናንስ መምርሒ መሰረት ጥራሕ ክንቀሳቀስ ይግባእ፡፡ ምኽንያቱ ናይ ማሕበር መሰረታዊ ዕላማታትን ሸቶታትን ብዘላቕነት ኣብ ምፍፃም ኣብ ናይ ማሕበር ናይ ገንዘብ ቁጠባዊ ኣጠቃቕማን ግልፅነትን ንኩሉ ግልፅን ንፁርን ዝኾነ መስርሕ እንትህሉ ጥራሕ ስለዝኾነ፡፡ ስለዚ ግልፅን ንፁርን ዝኾነ ናይ ፋይናንስ ስርዓት ተግባራዊ ምግባር መሰረታዊ ጉዳይ እዩ፡፡ ግልፅን ንፁርን ዝኾነ ናይ ማሕበር ፋይናንስ ምምሕዳር ምድላው ጥራሕ ዘይኮነ ብናይ ማሕበር ኣባላት ዝእመንን ዝትግበርን ምግባር'ውን ቁልፊ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ  እዚ ዝስዕብ ናይ  ፋይናንስ ማንዋል ኣዳሊዩ ኣሎ፡፡

1.1.1. ገንዘብ ምቕባልን ኣታዊ ምግባርን

ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣታዊ ገንዘብ ዝቕበልን ኣታዊ ዝገብርን ብናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ መተሓዳደሪ ደንቢ ኣንቀፅ 28 ንኡስ ኣንቀፅ ቁፅሪ 1ን 2ን መሰረት ብናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ገንዘብ ተሓዚ ጥራሕ ይኸውን፡፡ ማሕበር ዘነፅሮም ዝተቐመጡ ናይ ገንዘብ ቅብሊት ሰነድ ብምጥቃም ገንዘብ ኣታዊ ይገብር፡፡ እዚ ስራሕ እዚ ኣብ ጨንፈር ኮሚቴታትን ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈትን ብዝህሉ ገንዘብ ተሓዚ ዝፍፀም ይኸውን፡፡ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሓይልሰብ ክሳብ ዝማላእ ናይ ቤት ፅሕፈት ሓላፊ ኣተዊ ኽገብርን ካብ ቦርድ ዳይረክተር ብዝተውሃቦ መምረሒ መሰረት ኣተዊ ክገብርን ወፃኢ ክገብርን ይገብር ሓይሊ ሰብ ምስተማለኤ ግን ብሽም ገንዘብ ተሓዚ ይንቀሳቀስ፤፤

ገንዘብ ተሓዚ ንስራሕ መካየዲ ንፒቲካሽ ተባሂሉ ዝፍቀድ ብር 1000.00 እንተዘይኮኑ ካልእ ገንዘብ ክሳብ ባንኪ ዝኣቱ ኣብ ኢዱ ከፅንሕ ዝኽእል መጠን ገንዘብ ብር 1000.00 ን5 ማዓልትታት ዝኣክል ኮይኑ ንሱ'ውን ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንቢ ማሕበርና ዓንቀፅ 28 ንኡስ ዓንቀፅ ቁፅሪ 2፡ በቢመዓልቱ ናብ ባንኪ ኣታዊ ክግበር ኣለዎ ፡፡ ናይ ፒቲ ካሽ ገንዘብ እንደገና ከውፅእ ዝክእል ኣቀድሙ ዘውፀ ምስ ኣወራረደ ይከውን፤፤

1.1.2. ናይ ገንዘብ ወፃእታት ምእዛዝ፣

ወፃኢ ዝኸውን ገንዘብ ምእዛዝ ስልጣን ዘለዎ ብናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ትልምን በጀትን መሰረት ኮይኑ እዚ ኩነታት እዚ ተማሊኡ እንተርከብ ናይ ማሕበርና ገንዘብ ዝፈቅድ ብናይ ማሕበርና መተሓዳደሪ ደንብ ዓንቀፅ ቁፅሪ 20 "ስራሕን ሓላፍነትን ቦርድ" ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ ቁፅሪ 4 "መደባት ስራሕትን በጀትን ይውስን" ከምኡውን ኣብ ዓንቀፅ ቁፅሪ 21 "ስልጣንን ተግባርን ቦርድ ዳይሬክተር" ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ ቁፅሪ 12 "ናይ ማሕበር ፅላማን ጥቕምን ዝውዕል ክፍሊት የፅድቕ ይውስን" ይብል በዚ መሰረት ናይ ማሕበር ገንዘብ ካብ ናይ ማሕበር ቦርድ መበገሲ ሓሳብ ብምብጋስ ናይ ማሕበር ገንዘብ ዝእዝዝ ናይ ማሕበርና ኣቦወንበር ማለትውን ቦርድ ዳይሬክተር ጥራሕ ይኸውን፡፡ ኣብዚ ንኣሳልጦን ግልፅነትን ክባሃል ቦርድ ኣቦወንበር ማለት ቦርድ ዳይሬክተር ክሳብ ብር 500,000.00 ዝኮነ ገንዘብ ምስ ቦርድ ምክትል ኣቦወንበርን ቦርድ ፀሓፍን ብምርድዳእ ይውስን እዚ እንትባሃል ኣብ ክሊ ዓመታዊ ዝተመደበ በጀት ወሽጢ ኮይኑ እዩ፤፤ ናይ በጀት ወሰኽ እንትልዩን ካብ ዝፀደቀ በጀት ወፃኢ ናብ ቦርድ ቀርቡ ቦርድ ይውሰን ካብ ብር 500,000.00 ንላዕሊ ዝኾነ ናይ በጀት ዝውውር እንተልዩ ብቦርድ ውሳነ እናተውሃቦ ይፍፀም፡፡

ጨንፈራት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ስራሕ ፈፀምትን ኦድትን ኮሚቴታት ኣቦወንበራት ንስራሕ መፈፀሚ ዝተፈቐደሎም በጀት ምስ ኮሚቴ ኣባላት ብምርድዳእ ብዘይናይ ቦርድ ዳይሬክተርን ፈፃሚ ዳይሬክርን ፍቓደ ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም፡፡ ናይ ባዕሎም ውሽጠ ደንቢ ኣዳልዮምን ኣብ ናይ ባዕሎም ጨንፈር ኣባላትን ኣብ ቦርድን ኣፅዲቖም ዝበለፀ ውሽጠ ምሕዳራ

ክጠናኸሩ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብ ጨንፈራት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ  ኣቕደሙ ካብ ዝተቐመጠሉ ኣንፈት ወፃኢ ገንዘብ /በጀት/ ኣጠቓቕማ እንተህሉ ቦርድ ዳይሬክተር ኣብ ደንቢ ማሕበር ዓንቀፅ ቁፅሪ 20 ንኡስ ዓንቀፅ ቁፅሪ 14 ዝተቐመጠ ተጠቒሙ ቀጥታ ብምእጋድ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ብቦርድ ክምርመር ይገብር፡፡ ብሳልሳይ ደረጃ ምስ ናይ ማሕበር ገንዘብ ምእዛዝ ዝተኣሳሰር ስራሕቲ ስራሕን ሓላፍነትን  መካየዲ ስራሕ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ይኸውን ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንብ ማሕበርና ዓንቀፅ ቁፅሪ 24 ንኡስ ዓንቀፅ ቁፅሪ 10 ኮይኑ ንኣፈፃፅማ ስራሕቲ ኣሳልጦ ናይ ቤት ፅሕፈት ስራሕ መካየዲ በጀት ንክፍቀደሉ ብምግባር ዝተፈቕደ በጀት ክጥቀም ዝኽእል ኮይኑ ተወኪሉ'ውን ክሰርሕ ይኽእል እዩ፡፡

1.1.3. ገንዘብ ወፃኢ ምግባር

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቕሰ ናይ ማሕበር ገንዘብ ወፃኢ ኮይኑ ንክኽፈል ዝእዝዝ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቦርድ ኣቦወንበር ጥራሕ ሙካኑ ግልፂ ኮይኑ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ናይ ቤት  ፅሕፈት ስራሕ መካየዲ ይኹን ካልኦት ሕቶኦም ናብ ቦርድ ዳይርክተር ብምቅራብ ክፀድቀሉም ብምግባር ይፍፀም፡፡ ናይ ማእኸላይ ሒሳብ ይኹን ጨንፈር ሒሳብ ባንኪ ፈረምቲ ይኹን ቸክ ፈረምቲ ብቦርድ ዳይርክተር ዝሰየሙ ብምግባር ይፈፀም፡፡

1.1.4. ገንዘብ ምኽፋል

ኣብ ጨንፈራት ዝኽፈል ገንዘብ ብሒሳብ ሹም ተዳልዩ ብጨንፈር ኮሚቴ ኣቦወንበር ተረጋጊፁ ብጨንፈር ኮሚቴ ኣቦወንበርን ሒሳብ ሹምን ተፈሪሙ ገንዘብ ተሓዝን ተኸፋሊን ምስፈረምሉ ጥራሕ ገንዘብ ተሓዚ ገንዘብ ይኸፈል፡፡ ብደረጃ ዋና ቤት ፅሕፈት ማልኢ ዝፍፀም ክፍሊት ብናይቲ ቤት ፅሕፈት ሒሳብ ስራሕተኛ ተዳልዩ ብቦርድ ኣቦወንበርን ስራሕ መካየድን ተረጋጊፁ ቦርድ ኣቦወንበር ወይ ስራሕ መካየዲ ምስፈረምሉ ሒሳብ ሰራተኛ፣ ገንዘብ ተሓዝን ተኸፋሊን ምስፈረምሉ ሒሳብ ሰራሕተኛን ገንዘብ ተሓዚን ናብቲ ስራሕ ዘለዎ ቦታታት ብምኺድ ገንዘብ ይኸፍሉ፡፡ ብደረጃ ማሕበር ዝተጠናኸረ ቤትፅሕፈት ኣብ ዘይብሉ ግዞ ብደረጃ ማሕበር ክኽፈልዝድስ ወፃኢ እንተጋጥም በቲ ዝተነፀረ መስርሒ መሰረት  ዋና ቤት ፅሕፈት ሓለፌ ካብ ቦርድ ዳይረክተር ብዝወሃቦ መምረሒ መሰረት ይፍፀም፤ወይ ወና ቤት ፅሕፈት ዝርከበሉ ናይ ጨንፈር ኮሚቴ ገንዘብ ተሓዚ ምጥቃም ይከኣል፤፤

1.1.5. ናይ ሒሳብ ሰነዳት ምሓዝ

ናይ ሓደ ዝተወደበ ትካል ናይ ገንዘብ ምሕደራ ዝፍፀም ብሰነዳት እዩ፡፡ እዞም ሰነዳት ቅድሚ ግልጋሎትን ድሕሪኡን ብስርዓት ምጥቃምን ምሓዝን መሰረታዊ ጉዳይ እዩ፡፡ ኣብ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ መተሓዳደሪ ደንቢ ዓንቀፅ 27 ንኡስ ዓንቀፅ 4 ብዝተቐመጠ  መሰረት ኣብ ጨንፈር ይኹን ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ናይ ሒሳብ ሰነዳት ብስርዓት ክትሓዙ ናይ ምግባር ናይ ሒሳብ ሰራሕተኛን ሒሳብ ሹምን ግደ ይኸውን፡፡ ካብዚ ወፃኢ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ንምስራሕ ብሓደራ ዝወሃብ

ሰነድ ብስሩፅ ተፈራርምካ ምሃብን መልስካ ምቅባልን

1.1.6. ሒሳብ ምምዝጋብ

በብእዋኑ ካብ ማሕበር ናብ ማሕበር ዝግበሩ ናይ ገንዘብ ኣታዊታትን ወፃእታትን ብስርዓት ክትሓዙን ኣብ ሒሳብ መዝገብ ክምዝገቡን ምግባር ናይ ኩሉ ትካል ልሙድ ስራሕ ከም ዝኾነ ኩሉ ኣብ ማሕበርና'ውን ክትግበር ዝግባእ እዩ፡፡

እዚ ስራሕ እዚ ኣብ ራብዓይ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብዝፀደቐ መተሓዳደሪ ደንቢ መሰረት ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ይኹን ኣብ ጨንፈራት ኣብያተ ፅሕፈት ብሒሳብ ሹምን ሒሳብ ሰራሕተኛን ኣቢሉ ዝትግበር ይኸውን፡፡

1.1.7. ናይ ማ.ል.ኢ ምምሕዳርን ፕሮጀክትን ወፃእታት ዝምልከት

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተጣየሸሉ ዕላማታቱን ሸቶታቱን ንምትግባር በቢእዋኑ ናይ ስራሕ ትልምን ንዕኡ መፈፀሚ ዝኸውን ናይ በጀት ትልምን እናዳለወን እናፈፀመን ፀኒሑ እዩ፡፡ ንቐፃሊ'ውን ዝቕፅል ኮይኑ ብትልሚ መሰረት ስራሕቲ ንምትግባር ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ብዝተፈላለየ መንገዲ ገንዘብ ምትእኽኻብን ምውዳብን ከምኡ'ውን ኣብ ስራሕ ምውዓልን ግዲን እዩ፡፡

ፕሮጅክትታት እንክርከቡ ማ.ል.ኢ ካብ ዝእከብ ገንዘብ እንተናኣሰ 70 ምእታወ ንፕሮግራም መፈፀሚ እቲ 30 ምእታው ንምምሕራዊ ክውዕል ምግባር የዲሊ፡፡ በዚ መሰረት ናይቲ ማሕበር ዕላማታትን መደባትን ንምፍፃም በቢደረጅኡ ዘለው ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣመራርሓ፣ ቁፃር ሰራሕተኛታትን ካልኦትን ካብ ቋሚ ቦትኦም እንትቀሳቀሱን ካልኦት እቲ ማሕበር ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዘንቀሳቕሶምን ዝዕድሞምን ኣካላት ብምኽንያት ምንቅስቓስ ስራሕ ዝገበሩዎ ወፃእታት ክሽፍን ግድን እዩ፡፡ ናይ ስልክን መብራህቲን ወፃኢታትውን ኣብ ምምሕዳር ወፃኢ ዝምደብ እዩ፤ ብተመሳሳሊ ንፅሕፈት መሳርሕታትን ካልኦትን ዝኸውን ገንዘብ ወፃኢ ከም ዝህሉ ርዱእ ብምግባር ነዚ ምሕደራ ምግባር ኣገዳሲ እዩ፡፡

ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ክልልና መንግስታዊ ቢሮታት ንዘለው መንግስቲ ስራሕተኛታትን ብፍሉይ ደረጃታትን ማስትውን ሰራሕተኛታት ይኹኑ ሹመኛታት ንስራሕ እንትቀሳቐሱ ኣበል መንግስታዊ ቢሮታት ይኽፍሉ እዮም፡፡ ናይ መንግስቲ ዕለታዊ ስራሕቲ ኣብ ቢሮታት እንትስራሕ ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ ዝውዕሉ ናይ ፅሕፈት መሳርሕታት መግዘኢ ዝኸውን ገንዘብ ወፃኢ ብምግባር ዝስራሕ እዩ፡፡ እቲ ዝኽፈል ኣበል ብደረጀ እርከት መጠን መሃያን ደረጃ ከተማታትን ዝውሰን ኮይኑ ናይቲ መዓልታዊ መጠን ክፍፍል ከዓ ንቁርሲ 10%፣ ንምሳሕ 25%፣ ንድራር 25%፣ ንዓራት ድማ 40% ኮይኑ ድምር መዓልታዊ ኣበል ኣብ መንግስቲ ብፍሉይ ብደረጃ ሹመኛታት እንተዘይኮይኑ ክሳብ ብር 220.00 ዝበፅሕ እዩ፡፡ ወርሓዊ መሃያ ዘይብሎም'ውን መንግስቲ ናይ ባዕሉ መጠን መዓልታዊ ኣበል ነፂሩ ይኸፍል እዩ፡፡

ናይ መንግስቲ ናይ አበል ኣከፋፍላ ስርዓት ከም ዘሎ ኮይኑ ዝተፈላለዩ ናይ ገበርቲ ሰናይ፣ ንግድን ካልኦት ትካላትን እቲ ናይ መንግስቲ ኣዋጅ መሰረት ብምግባር ንናይባዕሉም መጠን መዓልታዊ ኣበል እናወሰኑን እናተገበሩን ከምዘለው ርዱእ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ መዓልታዊ ኣበል መጠን መበገሲኡ ንግዚኡ ብር 300.00 ብምግባር ክፍፍሉ ድማ ልክዕ ከምቲ ናይ መንግስቲ ንቁርሲ 10%፣ ንምሳሕ 25%፣ ንድራር 25%፣ ንዓራት ድማ 40% ብምጥቃም መሃያ ንዘለዎ ይኹን ንዘይብሉ ኣብ ዝኾነ ከባቢ ብዘይካ ብፍሉይ ንቶሳታት ዝተቐመጠ ወሰኽ መጠን ኣበል ንኩሉ ማዕረ ክፍሊት ብር 300.00 ይኸውን፡፡ እንትኸውን ናብ ኣዲስ ኣበባ ንዝግበር ጉዕዞ መዓልታ ኣበል ብር 500.00 ይኸውን ዓራት ክሳብ ብር 300.00 ብደረሰኝ ይዋራረድ፡፡ ክዝርዝር እንተሉ ማ.ል.ኢ ኣበል ስራሕተኛታት ማለት ካብ ናይ ስራሕ ቦታኦም ሰብ ዝንቐሳቐሰሉ እዋን ዘውፅእዎ ወፃኢ ንምሽፋን ዝኽፈል ገንዘብ እዩ፡፡ ማሕበርና ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ክሳብ ሐዚ እዚ ዝበሃል መምረሒ ዘይምንባሩን ኣብ ዝገብሩዎ ምንቅስቃስ ካብ ናይ ባዕሉም ገንዘብ ወፃኢ እናገበሩ ብነፃ ይሰርሁ ከም ዝነበሩ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ነገር ግና ኹሉ ጊዜ ካብ ጁባኻ እናውፃኻ ምስራሕ ስለዘይካኣል በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ንምስራሕ ተወሰኑ ኣሎ፡፡

ሀ. ናይ ስራሕ መካየዲ ኣበልን ጥቕማጥቕምን

ማዓልታዊ ንስራሕ እንትንቐሳቀሱ ጥቅሉል ብር 300.00 መዓልታዊ ንኣዲስ ኣበባ ብር 500.00 ንዓራት ክሳብ 300.00 ብደረሰኝ ይዋራረድ ንኣዲስ ኣበባ ጥራሕ

ቁርሲ 30.00(10%) ምሳሕ 75.00(25%) ድራር 75.00(25%) ዓራት 120.00(40%) ይከዉን።

ትርናስፖርት (ብመኪና) ብደረሰኝ ይወራረድ ሞባይል ካርድ ብር 150 ኣብ ወርሒ

ንኣጋይሽ መስተንግዶ (ሻሂ፤ ቡና፤ማይ፤ለስላሳ) ብደረሰኝ ይወራረድ ኣብ ወርሒ ብር 200.00

ለ. ናይ ቦርድ ኣባላት ኣበልን ጥቕማጥቕምን

ናይ ቦርድ ኣባሳት ንስራሕ እንትንቐሳቀሱ ጥቅሉል ብር 300.00 መዓልታዊ ንኣዲስ ኣበባ ብር 500.00

ቁርሲ 30.00(10%) ምሳሕ 75.00(25%) ድራር 75.00(25%) ዓራት 120.00(40%) ይከዉን።

ትራንሰፖርት ብደረሰኝ ወይም መኪና እንተሃልዎ ነዳዲ ብሊትሮ 6 ኪ/ሜትር ተሓስቡ ይወራረድ

ናይ ሞባይል ካርድ ንቦርድ ዳይረክተር ብወርሒ 200 ንፃሓፊ ብር 100

ቦርድ ዳይረክተር ንኣጋይሽ መስተንግዶ ኣብ ዓመት ብር 3000.00 ብደረሰኝ ዝወራረድ

ናይ ቦርድ ኣኼባ እንትህሉ ንሻሂን ቡናን ንምሳሕን ንንሕድ ሕድ ኣባል ካብ ብር 100.00 ዘይበዝሕ ተሓስቡ ብበዝሒ ኣባላት ይወራረድ።

ሐ. ናይ ጨንፈር ኮሚቴ ኣበልን ጥቕማጥቕምን

ጨንፈር ኮሚቴ ኣባላት ማዓልታዊ ኣባል ብር 300 ጥቅሉል

ቁርሲ 30.00(10%) ምሳሕ 75.00(25%) ድራር 75.00(25%) ዓራት 120.00(40%) ይከዉን።

ትራንሰፖርት ብመኪና በደረሰኝ ይወራረድ

ሞባይል ካርደ ንኣቦወንበር ብወርሒ ብር 100 ንፃሓፊ ብር 50 ዝኾነ ኣባለ ንስራሕ እንትንቐሳቐስ ማዓልታዊ ኣበል ብር 300 ጥቅሉል

ይኸውን ትራነሰፖርት በደረሰኝ ይኽፈሎም ይወራረደሎም።

ጨንፈር ኮሚቴ ኣባላት ኣኼባ እንትካየዱ ንሓደ ሓደ ኣባል ካብ ብር 50 ዘይበዝሕ ንሻሂ ቡና ይወራረደሎም።

መ. ናይ ገንዘብ ወፃኢ ሓላፍነት ስራሕ መካየዲ ክሳብ ብር 1500.00 በጀት እንተሃልዎ ባዕሉ ክውስን ይኽእል

ካብ ብር 1500.00 ንላዕሊ ግና ብቦርድ ዳይረክተር ብናይ ፅሑፍ ትእዛዝ ይፍፀም

ጨንፈር ኮሚቴ ኣቦወንበር በጀት እንተሃልዎ ኣቐዲሙ ዝተፈቐደ ክሳብ ብር 1000. 00 ኽውስን ይኽእል ካብ ብር 1001 ንላዕሊ ግና ብናይ ቦርድ ዳይረክተር ብናይ ፅሑፍ ፍቃድ ይኸውን።

ዝኾነ ዕድግት ክሳብ ብር 2000.00 ብናይ ቦርድ ዳይረክተር ፍቃድ ብቐጥታ ኽግዛእ ይኽእል ካብ ብር 2001 ንላዕሊ ብናይ ቦርድ ዳይረክተር ፍቐድ እንተነኣሰ ብሰለስተ ፕሮፎርማ ይፍፀም።

ካብ ናይ ቦርደ ዳይረክተር ናይ ፅሑፍ ፍቓድ ወፃኢ ዝኾነ ይኹን ወፃኢ ኣቐድሙ በጀት እንተዘይተተሐዙሉ ገንዘብ ወፃኢ ኣይግበርን ኹሉም ወፃኢታት ድማ ግቡእ ናይ ዝምልከቶ ናይ ፅሑፍ ፍቃድን ግቡእ ደረሰኝ ክህሊዮ ይግባእ።ስራሕ መካየዲ ንእቐድሞም ንዝተተስሙ ደቐቐቲ ወፃእታት መሸፈኒ ኣብ ወርሒ ካብ ብር 1000.00 ዘይበዝሕ ፒቲካሽ ኣፍቂዱ ውፅእ በብወርሒ ድማ ኽትኽኤሉ ብፅሑፍ ንቦርድ ዳይረክተር ብመፍቃድ ኽትክእ ይግባእ።

ናይ ቤት ፅሕፈት ሓለፊን ሰራሕተኛን ማህያ ብቦርድ ዳይረክተር ፅሑፍ ፍቃድ በቢ ወርሒ ፔሮል ተሰርሒሉ ኣብ ተግባር ይውዕል።

1.1.8. ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኦዲት ዝምልከት

ናይ ማሕበር ውሽጢ ኦዲት ብናይ ማሕበርን ጨንፈርን ጉባኤታት ኣቢሉ ዝምረፅ ኦዲት ይህልዎ፡፡ ናይ ኦዲት ስራሕን ሓላፍነትን፣ ተፀዋዕነቱን ካልኦትን ዝምልከት ኣብ ናይ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ ዓንቀፅ ቁፅሪ 31 ንኡስ ዓንቀፅ ቁፅሪ 1 ክሳብ 7 ብዝርዝር ብዝተቐመጠ መሰረት ዝፍፀም ይኸውን፡፡ ብማሕበር ጉባኤ ዝምረፅ ኦዲት በዝሒ ቁፅሪ ኣባላቱ ብጉባኤታት ዝውሰን ኮይኑ ኣብ ማሕበር ክሳብ 5 ኣብ ጨንፈራት ክሳብ 3 ምግባር ይከኣል እዩ፡፡ ናይ ማሕበር ኦዲት ንጨንፈር ኦዲት ሪፓርት ብምሕታትን ብምቕባልን ጠቕላላ ናይቲ ማሕበር ኩነታት ይከታተልን ይቁፃፀርን፡፡ ስሩዕ ሪፓርት ኣብ ዓመት ሓደ ግዘ እናተቐበለ ፀኒሑ ኣብ ሰለስተ ዓመት ናብ ጉባኤ ፀብፃብ የቕርብ፡፡ ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ካብ ናይ ጨንፈራት ፀብፃብ ብምብጋስ ኣብ ጨንፈራት ተረኺቡ ሒሳብ ሰነዳትን ኣሰራርሓን ብምርኣይ ይድግፍን ይመክርን ፡፡ ኣብ ሓደ ዓመት ውሽጢ ሓደ ዝመረፃ ጨንፈር ናይ ምርኣይ ግዴታ ይህልዎ፡፡ ፀብፃብ ናብ ማሕበር ቦርድ የቕርብ ብተመሳሳሊ ብናይ ደገ ኦዲተር ኦዲት ናይ ዝተገበረ ኦዲት ፀብፃብ ይቕበል፣ ይርእን ይጠምርን ምስ ናይ ባዕሉ ውሽጢ ኦዲትውን ክነፃፀር ብምግባር ናብ ጉባኤ ዝቕርብ ኦዲት ፀብፃብ ክዳሉ ይገብር፡፡

ኣብ ጨንፈራት ዝምረፅ ኦዲት ግዘ ስርሑ ብናይ ባዕሎም ውሽጠ ደንቢ ዝውሰን ኮይኑ ልክዕ ከም ናይ ጨንፈር ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ዕድመ ግዘ ይህልዎ፡፡ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ስራሕቲ ብናይ ጨንፈር ትልምን በጀትን መሰረት ኦዲት እናገበረ ፀብፃብ ናብ ጨንፈር ኣባላት ጉባኤ የቕርብ፡፡ ፀብፃብ ንጨንፈር ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ፣ ንማሕበር ኦዲትን ማሕበር ቦርድ (ማልኢ ዋና ቤ\ፅሕፈት)ን ይህብ፡፡ ናይ ጨንፈር ስራሕቲ ኣብ ዓመት ሓደ ግዘ ኦዲት ይግበር፡፡ ናይ ጨንፈር ሒሳብ ኣሰራርሓ ኣብ ዓመት ክልተ ግዘ ባዕሉ ኣብ ዝመረፃ ግዘ ብምርኣይ ስራሕቲ ቁፅፅር ምግባር (inspection) ምግባር ኣገዳሲ ይኸውን፡፡ ማሕበር ቦርድ ናይ ደገ ኦዲት ኣብ ዝደልዩሉ እዋን ናይ ደገ ኦዲት እንትዕድም ናይ ማሕበር ውሽጢ ኦዲት መረዳእታ ሒዙ ክብገስን ነዚ ከዓ ድጋፍ ናይ ምግባር ብደረጃ ማሕበርን ጨንፈርን ናይ ዘሉ ኦዲት ሓላፍነት እዩ፡፡

1.2. ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ፀብፃብ ምድሳው ዝምልከት

ዝተተለሙ ስራሕቲ ብዝተተለመሉም በጀት መሰረት ክስርሑ እንተለው ዝተሰርሐን ኣብ ስራሕ ዝወዓለ ገንዘብን በቢእዋኑ ናብ ዝምልከቶም ኣካላት ምፅብፃብ ዝተለመደ እዩ፡፡ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዕላማኡ ንምዕዋት ናይ ስራሕ ትልምን በጀትን ኣዳልዩ ክሰርሖም ዝክእሉ ስራሕቲ ኣብ ናይ ባዕሉ መተሓዳደሪ ደንቢ ግልፂ ገይሩ እዩ፡፡

ስለዚ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈራት ኣብ ትሕቲኦም መሓውር እንትልዮም፣ ጨንፈራት ኣብ ልዕሊኦም ንዝርከቡ ኣካላት ክሳብ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጉባኤ ፀብፃብ ብዝተቐመጠሉ መስርሒን ግዘ ሰሌዳን መሰረት ክትግበር ከምዘለዎ ናይ

ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ ዝሕብሮ እዩ፡፡ ስለዚ ናይ ማሕበር ገንዘብ ኣጠቓቕማን ኦዲትን ፀብፃብ መን መዓዝ ናብ መን ብኸመይ ክስራሕ ከም ዘለዎ ብስዕብ ዝርዝር መሰረት ይኸውን፡፡

1.2.1 ናይ ማ.ል.ኢ ስራሕቲ ፀብፃብ ምስራሕ ዝምልከት

ናይ ሒሳብ ፀብፃብ ዝኣተወን ዝወፀን ገንዘብ ከምኡ'ውን ካልኦት ስራሕቲ በቢርብዒ ዓመቱ ጨንፈር ናብ ቦርድ ወይ ናብ ማልኢ ዋና ቤት ፅሕፈት የቕርብ፡፡ ናይ ሓደ ርቢዒ ዓመት ፀብፃብ ኣብ ቀፃሊ ርብዒ ዓመት መጀመሪያ ወርሒ ክሳብ 15 መዓልቲ (ናይ ማ.ል.ኢ በጀት ዓመት 1 ሓምለ ክሳብ 30 ሰነ በዚ መሰረት ናይ መጀመሪያ ርቢዒ ዓመት 1 ሓምለ ክሳብ 30 መስከረም ስለዝኾነ ናይዚ ርቢዒ ዓመት ፀብፃብ ክሳብ 15 ጥቅምቲ ማለት እዩ) ኣብ ጨንፈር ኣባላት ቀርቡ ብጨንፈር ኣባላት ጉባኤ ፀዲቑ ናብ ዝምልከቶ ዝቕርበሉ ግዘ ይኸውን፡፡ ኣብዚ ግዘ ውሽጢ ኣብ ናይ ኣባላት ኣኼባ ብምቕራብ ብኣባላት ምፅዳቕ እንተፀጊሙ እቲ ፀብፃብ ግድን ኣብ ዝተቐመጠሉ እዋን ናብ ቦርድ ወይ ናብ ቤ\ፅሕፈት የቕርብ፡፡

ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ በጀት ዓመት ስርሑ ካብ 01 ሓምለ ክሳብ 30 ሰነ ስለዝኾነ ናይዚ በጀት ዓመት ስራሕ ፀብፃብ በቢርብዒ ዓመቱ የቕረብ እዚ ማለት ኣብ ሓደ በጀት ዓመት ኣርባዕተ ግዘ ፀብፃብ ይቕርብ ማለት እዩ፡፡

1.2.2. ናይ ማ.ል.ኢ ኦዲት ፀብፃብ ምስራሕ ዝምልከት

ናይ ማሕበር ኦዲት ብናይ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ ዓንቀፅ ቁፅሪ 31 ንኡስ ኣንቀፅ ቁፅሪ 6 ናይ ፀብፃብ ኦዲት ስራሕቱ ናብ ማሕበር ሓፈሻዊ ጉባኤን ቦርድን የቕርብ፡፡ ናይ ማሕበር ኦዲት ካብ ታሕተዋይ ውሽጠ ኦዲት እቲ ላዕላዋይ ኦዲት ኮይኑ ፀብፃብ ካብ ጨንፈር ኦዲት በቢዓመቱ እናተቐበለ ፀኒሑ ናብ ማልኢ ጉባኤ ወዲቡ የቕርብ፡፡ ኣብ ጨንፈራት ዝስራሕ ኦዲት ብናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ በጀት ዓመት ተኸቲሉ ዝፍፀም እዩ፡፡ ናይ ማሕበር በጀት ዓመት እዋን ካብ 01 ሓምለ ክሳብ 30 ሰነ እዩ፡፡ ስለዚ ናይዚ በጀት ዓመት ስራሕ ኦዲት ኣብ ሓድሽ በጀት ዓመት ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ጊዜ ውሽጢ ክስራሕ ይግበር፡፡ ናይ ጨንፈራት ኦዲት ናይቲ ጨንፈር ሒሳብ ሰነዳት ኣብ መጨረሻ በጀት ዓመት ሰለስተ መዓልቲ እንትተረፎ ብናይ ኦዲተራት ፊርማ ንኦዲት ይዕፆ፡፡ ናይቲ ኦዲት ስራሕ ከከም ናይቲ ስራሕ ስፍሓት ዝውሰን ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሕን ፈረቓን ተወዲኡ ክሳብ ነሓሰ 20 ናብ ጨንፈር ኣባላት ቀሪቡ ምስ ፀደቐ ናብ ዝምልከቶ ክቕርብ ይግበር፡፡ ናይተን ጨንፈራት ኦዲት ፀብፃብ ድማ ብደረጃ ማሕበር ተጠርኒፉ ምስ ተወደበ ናብ ጨንፈራት ወሪዱ ንኣባላት ምይይጥ ዝቕርበሉ እዋን ቅድሚ 30 መስከረም ክውዳእ ይግበር፡፡ ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዋና ቤት ፅሕፈት ተማእኺሉ ዝግበር ናይ ገንዘብ ወፃእታት ከም ዝህሉ ኣብ ላዕሊ ተገሊፁ ኣሎ፡፡ ዋና ምኽንያቱ ድማ ብቤትፅሕፈት ኣቢሉ ብቀሊል ግዘን ካልኦት ወፃእታትን ብምቕናስ ክፍሊታት ንምፍፃም እዩ፡፡ በዚ መስርሕ እዚ ዝትግበሩ ናይ ገንዘብ ወፃእታት ዝሐሸ ስርኣት ንክህልዎ ብደረጀ ዋና ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ ኣወዳድባ ሓይሊ ሰብን ኣሰራርሓን ክህሉ ብምግባር ዝፍፀም እዩ፡፡ ካብቶም ስራሕቲ እቲ ሓደ ናይቲ ቤት ፅሕፈት ውሽጢ ኦዲት ብምጥያሽ ክስራሕ ብምግባር እዩ፡፡ ዝርዝር መስርሒኡ ድማ ብቦርድ ኣቢሉ ክንፀር ክግበር እዩ፡፡

**ምዕራፍ -2-**

## 2.1 ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ንብረት ምሕዳራ ማንዋል

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተመሰረተሉ ዕላማታቱ ንምፍፃም ዝተፈላለዩ ዓይነትን በዝሒን ንብረት ምሓዙ፣ ምርካቡ፣ ምግዛኡ፣ ምቅባሉ፣ ምሃቡ፣ ምዝውዋሩ፣ ምውጋዱን ምምሕዳሩን ግዲን እዩ፡፡ ማሕበር ንብረት ምጥራዩ፣ ምሓዙን ምምሕዳሩን ጥራሕ ዘይኮነ ስርዓት ኣማሓድሩ ግልፅን ንፁርን ብምግባር ኣብ ናይ ማሕበር ዕላማታት ኣብ ምፍፃም ንክውዕል ናይ ምግባር'ውን እዩ፡፡ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ንብረት ዝምልከት ኣብ ናይ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንብ ከም ዝተቐመጠ ርዱእ ኮይኑ መበገስኡ እዚ መተሓዳደሪ ደንብ ዝገበረ ዝርዝር መምርሒ ማለት ማንዋላ ኣዳልይካ ስርዓተ ምሕደራ ንብረት ማሕበር ምጥንካር ቁልፊ እዩ፡፡ ስለዚ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቦርድ ኣብ ማልኢ መተሓዳደሪ ደንብ ኣንቀፅ ቁፅሪ 20 ንኡስ ኣንቀፅ ቁፅሪ 3፣5ን 8ን ዝተሓበረ ነጥቢታት ስራሕን ሓላፍነትን መሰረት ገይሩ እዚ ዝስዕብ ንብረት ምሕደራ ኣዳሊዩ ፡፡

### 2.1.1 ንብረት ኣታዊ ምእዛዝ

ንብረት ኣታዊ ዝእዝዚ ቦርድ ኣቦውንበር ጥራሕ እዩ፡፡ ኣብ ጨንፈር ይኩን ኣብ ቤ\ፅሕፈታት ( ኣብ ዋናን ጨንፈራትን)፡፡ ኣብ ጨንፈርን ኣብ ቤ\ፅሕፈታትን ዝህሉ ኣታዊ ካብ ናይ ባዕሉም በጀት ዝብግስ እንተኾይኑ ኣብ ባዕሉም ዝውዳእ ኮይኑ ቅዳሕ ናብ ዋና ቤት ፅሕፈት ይስኣኽ፡፡ ኣብዚ ማንዋል ዝተቐመጡ ንብረት ኣታዊ መገበሪ ቅጥዕታት መሰረት ይፍፀም፡፡

### 2.1.2 ንብረት ኣታዊ ምርግጋፂ

ንብረት ኣታዊ ዝፍተሽን ዘረጋግፅን ኣብ ጨንፈር ሒሳብ ሹምን ኣብ ቤ\ፅሕፈታት ሒሳብ ሰራሕተኛን ( ኣብ ዋናን ጨንፈሩን ቤ\ት) ምስ ገንዘብ ተሓዚ ኮይኑ፡፡ ድሕርኡ ገንዘብ ተሓዚ ተቀብሉ ኣታዊ ይገብር፡፡ እዚ ክሳብ ዝማሊእ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ስራሕ መካይዲ ይኸውን፡፡

### 2.1.3 ንብረት ኣታዊ ምቅባል

ንብረት ኣታዊ ዝቅበል ገንዘብ ተሓዚ ይኸውን፡፡ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ገንዘብ ተሓዚ እንተዘይሃሊዩ ቤት ፅሕፈት ስራሕ መካየዲ ይኸውን፡፡ ኣብዚ ማንዋል ዝተቐመጡ ንብረት ኣታዊ መገበሪ ቅጥዕታት ብምጥቃም ኣታዊ ይገብር ማሕበር ተጠናከሩ ናይ ባዕሉ ንብረት ዝምልከት ኣካል ክሳብ ዝቁፀር፡፡

2.1.4 ንብረት ወፃኢ ምግባር

ንብረት ወፃኢ ኮይኑ ኣብ ስራሕ ክውዕል ዝውሰንን ዝእዝዚን ቦርድ ኣቦወንበር ጥራሕ ይኸውን፡፡ ኣብ ጨንፈራትን ቤ\ፅሕፈታትን ዝህሉ ንብረት ምጥቃም ካብ ናይ ባዕሎም ዝተፈቐደሎም በጀት ዝብገስ ኣብ ውሽጦም ዝውዳእ ኾይኑ ብጨንፈር ኣቦወንበር ይኸውን ቅዳሕ ንዋና ቤት ፅሕፈት ይሳኢኽ፡፡ ኣብዚ ማንዋል ዝተነፅሩ ንብረት ወፃኢ ቅጥዒ ብምጥቃም ይኸውን፡፡

2.1.5 ንብረት ወፃኢ ገይርካ ምሃብ

ንብረት ወፃኢ ገይሩ ዝሂብ ኣብ ጨንፈር ይኩን ቤት ፅሕፈታት ገንዘብ ተሓዚ ጥራሕ እዩ፡፡ ኣብ ጨንፈር ቤ\ፅሕፈት ዘይብሉ እንተኾይኑ ብኣባላት ዝተመረፀ ኮሚቴ ኣባል ዝኾነ ገንዘብ ተሓዚ ይኸውን፡፡ ዝተወደበ ቤ\ፅሕፈት እንተልዩ ኣብ ዋናን ኣብ ጨንፈራትን ዝተቆፀረ ገንዘብ ተሓዚ እዩ እንተይሃልዩ ብስራሕ መካይዲ ይኸውን፡፡ ንብረት ምውጋድን ምዝውዋርን ዝምልከቱ ጉዳያት እንተኣጋጥሞም ብቦርድ ኣቦወንበር ውሳነ ጥራሕ ዝፍፀም ይኸውን፡፡

2.1.6. ንብረት ምሕታት ዝምልከት

ዝተፈሳለዩ ንብረታት ሒሳብ ሰነዳት ማሕበርና ጀሚሩ ብስሩዕ ተሓትቶም ብዝምልከቶም ኣካል ኣብ ስራሕ ክውዕል ኣለዎ፡፡ በዚ መሰረት ማልኢ ንብረት ካብ ጨንፈር ናብ ጨንፈር ብስሩዕ ሰነዳታት እናተሓተተን እናተፈቀደን ናብ ዝተፈቀደሉ ጨንፈር ክዛዋወርን ክውሃብን ይክእል፡፡ ኣብ ጨንፈራት ንዝተፈሳለዩ ስራሕቲ እንትድለይ ብስሩዕ ብናይ ማሕበርና ንብረት ምሕደራ መምርሒ መሰረትን ዝተነፀሩ ቅጥዕታትን ኣቢሉ ብጊዚያዊነት ብምሕታትን ብምፍቃድን ኣብ ግልጋሎት ምውዓል ክስራሕ እዩ፡፡ ክዕደጉ ዝድለዩን ዝተወሰኑን ብተመሳሳል መስርሒ ተሓትቶም ብዝምልከቶም ተረጋግፆምን ተፈቅዶምን ይግዝኡ ኣብ ግልጋሎት ይውዕሉ፡፡ ብህፁፅ ስራሕቲ ክዝእቲ ተፈፅምሎም ብደረሰኝ ዝወራረዱ ንብረታት እንተልዮምውን ንብረት መሕቲት ስርኣት ከይዲታት ተካይደሎም ክወራረዱ ብምግባር ይስራሕ፡፡

2.2 ናይ ገንዘብን ንብረትን ሰነዳት ምሕታምን ኣብ ጥቅሚ ክውዕል ምግባር

ሰነዳትናይ ሓደ ድርጅት መሰረታዊ መስርሕ ዘከትልን ናይ ግልፅነት ምልክትን ሙካኖም ዝፍለጥ እዩ ብሙኳኑውን እዚ አገዳስን ብጥንቃቀን ዝስርሐሉ ይከውን፤፤

2.2.1 ናይ አታውን ወፃኢን ሰነዳት ዝምልከት

አታዊን ወፃኢን ሰነዳት ተክታታልነት ዘለዎን ናይ ማሕበር ልምዓት ምካኖም ዘረጋግፅ ምልክት ክህልዩ አለዎ ካብዚ ወፃኢ ዝህሊ ሰነድ ተቀባልነት የቡሉን፤፤ እዚ ተግባረዊ ንምግባር ኩሎም ናይ ገንዘብ ሰነዳት ብናይ ዋና ቤተ ፅሕፈት ሓታታይነት

ብቦርድ ዳይረክተር ወይ ንሱ ብዝወከሉ ተቀባልነት ረኺቡ መጀመር ቁፅሪ ተዋህቡዎ ክሕተም አለዎ፤፤

### 2.2.2 ሰነዳት ምርካብ ወይ አብ ስራሕ ምውዓል

ዝተሓተሙ ሰነዳት ናይ መጀመርታን ናይ መጨረሽታን ቁፅሪ ተመዝግቡ ናብ ጨንፈራት ክስደዱ አለዎም እዚ ሰነድ ጨንፈራት ፈርሞም ክቅበሉ አለዎም፤፤ ዝተወደኤ ሰነድ በብዓመቱ ኦዲት ተገይሩ ናይ ኦዲተር ምልክት ገይሩሉ ናብ ወና ቤት ፅሕፈት አታዊ ኽከውን አለዎ፤፤ እዚ ናይ ማሕበር ሰነዳት ብእዋኑ አብዘይትረክበሉ እዋን ናይ ጨንደር ኮሚቴ ዝተሰማምዕሉ ፎርም ብምድላውን ናይ ማሕበር ማህተም ብምጥቃም ንሓፅር ግዜ አብ ጥቅሚ ዝውዕል ፎርምታት ምጥቃም ከምዘሎ ኮይኑ እዚ ግዚያውን ስሩዕ ሰነድ ምስተረከበ ዝቅደድ ይኸን፤፤

### 2.2.3 ናይ ንብረት ሰነዳት ዝምልከት

እዚ ናይ ንብረት ሰነዳት ዝምልከት አጠቃቅማ አብ ቁፅሪ 2.1.2 ብዝተቀመጠ አገባብ ዝፍፀም እዩ፤፤

## ምዕራፍ 3

## 3. ስርዓት ዕደጋ ዝምልከት

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተጣየሸሉ ተግባራት፣ ሓላፍነት፣ ዕላማ፣ራእይን ልኡኹን ከምቲ ኣብ መተሓዳደሪ ደንቡ ኣንቀፃት ቁፅሪ 5ን 6ን ብግልፅ ተቐምጡ ከም ዘሎ ንምስራሕ ናይ ዕደጋ ስራሕቲ ምስራሕ ግዲን እዩ፡፡ ስለዚ ናይ ዕደጋ ስራሕቲ ውፅኢታዊን ፅፉፍን ኮይኑ ዕላማታትን ሽቶታትን ማሕበር ኣብ ምዕዋት ናይ ባዕሉ ተራ ንክህልዎ ዝርዝር ስርዓት ምሕዳር ብምድላውን ብምትግባርን እዩ፡፡ በዚ መሰረት እዚ ዝስዕብ ዝርዝር መምርሒ\ማንዋል ዕደጋ ተዳልዩኻ ኣሎ፡፡

### 3.1. ዕደጋ ምውሳን ምእዛዝን ዝምልከት

ዕደጋ ዝውስንን ዝእዝዚን ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቦርድ ኣቦውንበር ጥራሕ እዩ፡፡ ጨንፈራት ይኩን ቤ\ፅሕፈታት በጀት ሓቲቶም ዝተፈቀደሎም በጀት ተጠቒሞም ዘድልዮም ዕደጋ ካብ ፅሕፈት መሳርሒታት ጀሚሮም ኣብ ባዕሎም ዝውድእዎ ኮይኑ ንዝፀደቐ በጀት ብጨንፈር ኣቦወንበር ይኸውን፡፡

### 3.2. ዕደግ

ምዕዳግ ስራሕቲ ሰለስተ ኣባላት ዘለዎ ዕደጋ ኮሚቴ ብምጥያሽ ጥራሕ ይፍፀም፡፡ ኣብ ጨንፈራትን ቤ\ፅሕፈታትን ብዝጣየሽ ዕደጋ ኮሚቴ ማለት እዩ፡፡ ኣባላት ዕደጋ ኮሚቴ ኣብ ጨንፈራት ፀሓፊ፣ ሒሳብ ሹምን ገንዘብ ተሓዚ፡፡ ኣብ ቤት ፅሕፈታት ሒሳብ ሰራሕተኛ፣ ገንዘብ ተሓዚን ፀሓፊትን ይኸውን፡፡ እዚኦም ኣብ ዘይብሉ ቦርድ ዳይርክቶር ብዘሾሞመ ሰለስተ ኣባላት

ይኸውን፡፡

3.3. ሜሳ ዕደጋ

ሜሳ ዕደጋ ስራሕቲ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብሰለስተ መንገዲ ይፍፀም ንሱ ከዓ ቀጥታ፣ ፕሮፈርማን ጨረታን ሜሳ ዕደጋ ብምጥቃም ይካይድ፡፡ ቀጥታ ዕደጋ ክሳብ ብር 5000.00 ዝበፅሕ፣ ካብ ብር 5001 ጀሚሩ ክሳብ ብር 100000.00 ብፕሮፎርማ ካብ ብር 100001 ጀሚሩ ልዕሊኡ ብጭረታ፡፡ ካልእ ጨረታ ኮሚቴ ከይድስይ ባዕሉ ዕደጋ ኮሚቴ ናይ ጨረታ ስራሕ የካይድ፡፡ በዚ መሰረት ክሳብ ብር 2000.00 ብስራሕ መካየዲ ወይ ብፋይናንስ ብቀጥታ እንትግዚእ ካብዚ ንሳዕሊ በቲ ዝተገለፀ መንገዲ ብኮሚቴ ይግዘእ፡፡

ምዕራፍ 4

4. ስርዓት ምሕዳራ ሓይሊ ሰብ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተጣየሸሉ ተግባራት፣ ሓሳፍነት፣ ዕላማ፣ራእይን ልኡኹን ስተራተጀክ ትልሚን ዝብገስ ዓመታዊ ስራሕን በጀትን ትልሚ እናዳለው ስራሕቲ ንክፍፀም ማሕበር ቅርፂ እንታይ ክመስል ከምዘለዎ ኣብ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንብ ግልፅ ገይሩ እዩ ኣብ ኣንቀፅ ቁፅሪ 16 ተቐምጡ ኣሎ፡፡ ካብ ናይ ማሕበር ድንብ ዝብገስ ናይ ሓይል ሰብ ኣወዳድባን ምሕደራን ብምስራሕ እዩ ክስራሓ ዘለዎ፡፡ ዝተወደበ ሓይል ሰብ ምህላው ቁልፍ ጉዳይ ኮይኑ ብስርዓት ንምምራሕን ውፅኢታዊ ንምግባርን ዝርዝር ምሕደራ ሓይለ ሰብ ብምድላው፣ ብምንፃርን ብምትግባርን ጥራሕ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ዝርዝር ነጥቢታት ምሕደራ ሓይል ሰብ ማልኢ ዝምልከት ዝስዕብ መምርሒ\ ማንዋል መሰረት ይስራሕ፡፡

4.1. ብናይ ማ.ል.ኢ ጉባኤታት ምርጫ ዝጣይሽ

ብደረጃ ማሕበር ብዝግበር ጉባኤ ቦርድን ኦዲትን ኣባላት ይምረፁ፡፡ ኣብ ጨንፈራት ካዓ ብናይ ኣባላት ጉባኤ ዝምረፁ ስራሕ ፈፃሚን ኦዲትን ኮሚቴ ኣባላት ይህሉ፡፡ ብሳልሳይ ደረጃ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈትን ጨንፈራትን ብማህያ ዝቁፀር ሰራሕተኛ ይህልዎ፡፡ ከም ጨንፈር ስፍሓትን ትሕዝቶምን ዝውሰን ንኡሳን ወዳበታትን መሓውራትን ንፕንካረ ማ.ል.ኢ ተባሂሉ ክስራሕ ይክእል እዩ ጨንፈራት ኣብ ናይ ባዕሎም ውሽጠ ደንብ ብምድላው ከስፍሑ ይክእሉ እዮም፡፡

4.2. ስራሕ፣ ስልጣን ተግባርን

ብደረጃ ማሕበር ብዝግበር ጉባኤ ዝምረፀ ቦርድን ኦዲትን ኣባላት ስራሕ፣ ስልጣን ተግባርን ኣብ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንብ ብዝተቐመጠ መሰረት እዩ፡፡ ብናይ ጨንፈራት ኣባላት ጉባኤ ዝምረፁ ኮሚቴ ኣባላት ስራሕ ፈፃሚን ኦዲትን ስራሕ፣ ስልጣን ተግባርን ብዝርዝር ኣብ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንብ ዝተነፀሩ እዮም፡፡ ኣንቀፅ ቁፅሪ 20፣21፣22፣23፣27ን28ን ምርኣይ

ይከኣል እዩ፡፡ ብዝበለፀ ዝርዝር ስራሕ፣ ስልጣን ተግባርን ክፍፍል ናይ ባዕሎም ውሽጠ ደንብ ብምድላው ክምዕብል ይኽእል እዩ፡፡ ብሳልሳይ ደረጃ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈትን ጨንፈራትን ብማህያ ዝቁፀር ሰራሕተኛ ይህልዎ፡፡ ስራሕ፣ ስልጣን ተግባርን ብዝምልከት ኣብ መተሓዳደሪ ደንብ ማሕበርና ኣብ ኣንቀፅ ቁፅሪ 24 ዝተቐመጠ መሰረተ ዝርዝር ብቦርድ ክወፀሉ ይግበር፡፡

## 4.3. ሰራሕተኛታት ምቁፃርን ምስንባትን ዝምልከት

በጀት ኣብ ዝህልወሉ እዋን ካብ ናይ ማሕበር ስራሕ መካየዲ ጀሚሩ ዝቁፀሩ ሰራሕተኛታት ብዝቐረበ ረቛሒ መሰረት ብውድድር ወይም ከከም ኩነታቱ ብምድባ ቁፃር ዘፅድቕ ቦርድ ዳይርክተር ይኸውን፡፡ ዝቑፀሩሉ ኣግባብ ድማ ብኩንትራት ይኸውን፡፡ ኣድላይ እንተኾኑ ቦርድ ዳይተርክተር ኮሚቴ ኣጣይሹ ዝተመልመሉን ፈተና ዝሓለፉ ሒፅያት ክቐርበሉ ኽገብር ይኽእል፡፡ እዚ ውሳነ ሓሳብ ድማ ክቕበሎ ክኒፅን ወይም ከማሓይሽ ሙሉእ ሓላፍነት ይህልው፡፡ ሕድሕድ ሰራሕተኛ ድማ ቅድሚ መቅፃሩ ተዳላይ ክእለቱን ስራሕ መዚርዝሩን ተዳሊዩ ናብ ቦርድ ዳይርክተር ምስ ናይ ቁፃር ሕቶ ክቅርብ ኣለዎ ወይም ቦርድ ዳይርክተር ዘጣየሾም ኮሚቴ ኣዳልዮም የቅርቡሉ፡፡ ናይ ቤት ፅሕፈትና ሰራሕተኛታት ክሳብ ዝርዝር ናይ ሓይሲ ሰብ መማሓደሪ ማንዋል ዝዳሉ ብመሰረት ኣዋጅ መስርሕን ሰራሕተኛን ቁፅሪ 337\96 ከምኡውን ብናይ ውልቀ ትካላት ዝተማሓሸ ጡረታ ኣዋጅ ቁፅሪ----መሰረት ይማሕደሩ፡፡ ብጉድለት ስነ ምግባር ዝሰናት ሰራሕተኛ ብቦርድ ዳይርክተር ትእዛዝ ጥራሕ ክሰናበት ይግበር፡፡ ማህያ ዝምልከት ክሳብ ስሩዕ ናይ ባዕልና ማህያ ብርኪ ክሳብ ዝህልወና ናይ ምኽፋል ዓቕምና ኣብ ግምት ብምእታው ብስምምዕነት ኮይኑ ናይ ከማና ዝእመሰላ ትካላት ልምዲ ኣብ ግምት ኣቲዩ ብቦርድ ዳይርክተር ዝውሰነ ይኸውን፡፡ ብደረጃ ማሕበር ብዝግበር ጉባኤ ዝምረፁ ቦርድን ኦዲትን ኣባላት ይኹን ብጨንፈራት ኣባላት ጉባኤ ዝምረፁ ስራሕ ፈፃሚን ኦዲትን ኮሚቴ ኣባላት ብነፃ ንማሕበሮም ዝገልግሉ እዮም፡፡እዚ ስራሕ ማሕበር አብ ድልዱል ብርኪ ክሳብ ዝቅመጥ ዝቅፅል ይኸውን፤፤

## 4.4. ምሕደራን መመዘኒታት ቁፃር ስራሕተኛታት ዝምልከት

መመዘኒታት ኣቁፃፅራን ምሕደራኡን ናይ ስራሕ ውዕል ምስ ማሕበር ብምፍፃ ዝትግበር እዩ፡፡ ዝርዝር ኣፈፃፅማኡ ቦርድ ኣቦውንበር ምስ ዋና ቤት ፅሕፈት ሓላፍ ኮይኑ ይንፅርን ይውድእን፡፡ ዋና ቤት ፅሕፈት ሓላፍ ዝምልከት ብናይ ቦርድ ኣቦወንበር ምስ ቦርድ ፀሓፊን ምክት ቦርድ ኣቦውንበርን ብሙካን ብዝነፀሩዎ ዝርዝር ኣፈፃፅማ ኣቢሉ ዝውዳእ ይኸውን፡፡ ስራሕ፣ስልጣን ተግባርን ቤ\ፅሕፈት ሓላፍ ኣብ መተሓዳደሪ ደንብ ኣንቀፅ ቁፅሪ 24 ተቐምጡ እዩ ነዚ መጠናኽር ዝኸውን መዘርዘር ስራሕ(Job Description) ቦርድ ስራሕ ፈፃሚ ብዘውፅእዎ መዘርዝር ይጠናኽርን ይፍፀምን፡፡

## ምዕራፍ -5-

### ርክብ ምስ ኣማራርሓን ኣባላትን መዳርግቲ ኣካላትን

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ምስ ካልኦት (Stakeholder analysis) ዝነበረ ርክብ ዝምልከት ኣብ መፅናዕታዊ ፅሑፉ ኣቕመጡ ኣሎ፡፡ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣባላት፣ ናይ ማልኢ ኩነታት ምሕደራ፣ ኣመራርሓ ኣካላት ካብ ሳዕሊ ክሳብ ጨንፈራት፣ ክልል ክሳብ ወረዳ ዘሎ ናይ መንግስት ኣመራርሓ፣ ናይ ማልኢ ዝጠቐምን ድገፍቲ ማልኢ ዝምልከት እዩ መፅናዕታዊ ትንትና ሕሉፍ ጉዕዞ 10 ዓመት ዝቐረበ፡፡ ካብ ገፅ 9 ክሳብ ገፅ 17 ዝተዘርዘሩ ዘሎ ፅሑፍ ምርኣይ ይከኣልእ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ቀፃሊ ርክብ ምስ መዳርግቲ ኣካላትን ኣባላትን ኣማራርሓን ከምዝስዕብ ቀርቡ ኣሎ፡፡

### 5.1. ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጉባኤ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣባላት በብሰለስተ ዓመት ናይ ማሕበሮም ጠቅላላ ጉባኤ እናካይዱ ናይ ማሕበሮም ዕላማታትን ሽቶታትን እናገምገሙን ቀፃሊ ስራሕቲ እናተተለሙን ዝኸደሉ መስርሒ ኣብ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንብ ብምንፃር ዝኸደድ እዩ፡፡ ኣብ ጨንፈራት ብና ይ ማሕበር መተሓዳሪ ደንብን ብናይ ባዕሎም ውሽጥ ደንብን ብምጥቃም ካብ ናይ ማሕበር ስተራተጅክ ትልሚን ዓመት ትልሚን ዝብገስ እዋናዊን ከባቢያዊን ትልሚ ዓመት ብምድላውን፣ ብምትግባርን ብምግምጋምን ምስ ጨንፈር ኣባላት በቢሰለተ ወርሒ እናተራኸቡ ብምስራሕ ዝኸይዲ እዩ፡፡ ኣብ ዓመት ናይ ጨንፈር ኦዲት ፀብፃብን ብደረጃ ማሕበር ናይ ካልኦት ጨንፈር ኦዲት ፀብፃብ ተጠምሩ ዝቐርበሉ መስርሕ ብምትግባር ዝስራሕ እዩ፡፡

ብናይ ማሕበርና መተሓዳደሪ ደንብ መሰረት ጉባኤ ንምክያድ ብብጨንፈሩ ኣባላት ኣብ ናይ ጉባኤ ረቅቂ ኣጀንዳ ዘተ ብምግባር ክምዕብል፣ ኣብ ናይ ጉባኤ ኣጀንዳ ኣባላት ምሉእ ምርድዳእ ክገበር ብምግባር ኣብ ናይ ጉባኤ ኣጀንዳ ተዛትይካ ጉባኤ ተሳተፍት ንምምራፅ ኣኼባ ጨንፈር ኣባላት ልዕሊ 75% ክርከብ ብምግባር ይፍፀም፡፡ ጉባኤ ዝሳተፍ በዝሒ ኮታ ብኣንፃር በዝሒ ቁፅሪ ኣባላት ብምውሳን ጨንፈር ፈፀምቲን ኦዲትን ኣባላት ኮሚቴ ብዘይምርፃ ይሳተፉ ብምግባር ቁፅሪ ኣባላት ትሕቲ 50 እንተኮይኑ ስራሕ ፈፃምቲ ኣቦወንበርን ኦዲት ሰብሳብን ካብ ተራ ኣባላት ብምርፃ 3 ኣባላት ክሳብ 150 ኣባላት ቁፅሪ በዝሒ ዘለዎ ጨንፈር 13 ተሳትፍት ጉባኤ ምርፁ ይሰድድ 150 ክሳብ 250 ኣባላት ዘለዎ ጨንፈር ክሳብ 17 ዝበፅሕ ክሳትፍ ዕድል ይህልዎ ልዕሊ 250 ኣባላት ዘለዎ ጨንፈር ክሳብ 25 ክሳትፍ ይክእል በዝሒ ተሳተፍት ጉባኤተኛታት ብቦርድ ይውሰነ ናይ ኮታ ሽንሽና ብኡ መሰረት ይኸውን፡፡

### 5.2. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣመራርሓ ኣኼባ

ጨንፈር ኣመራርሓ ስራሕ ፈፃሚ ኮሚቴ ኣባላት እንተንኣሰ በቢወርሒ ዝራኸበሉ መድረኽ ብምኽያድ ናይ ጨንፈር ስራሕቲ ብምስራሕ ይኸይድ፡፡ ምስ ጨንፈር ኦዲት ሓበር ኣኼባታት ብምክያድ ብናይ ማሕበርን ውሽጥ ደንብ መሰረት ብትልሚን

በጀትን መሰረት ይስራሕ ምህላው ርእቶን ምስትክካልን ስራሕቲ ናይ ምስራሕ ኸይዲ ብምትግባር ይስራሕ፡፡ ጨንፈር ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣመራርሓ ምስ ማሕበር ቦርድ ሓባር ኣኼባ ብምኽያድ ኩነታት ማሕበር ዝርእየሉ መድረኽ ኣብ ዓመት ክልተ ግዘ ይካየድ፡፡ ብጨንፈራት ዝስራሕ ስራሕቲ በቢሰለሰተ ወርሒ ማለት በቢርቢዒ ዓመት ናይ ስራሕ ፀብፃብ ናብ ማሕበር ዋና ቤ\ፅሕፈት ወይም ቦርድ ብምቅራብ ይስራሕ፡፡ ቦርድ ኣባላት ኣብ ዓመት እንተነኣሰ ሰለስተ ግዘ ብምርካብ ኣብ መተሓዳደሪ ደንብ ተቐምጡ ኣሎ በዚ መሰረት ማሕበርም ናይ ምምራሕ ኸይዲ ይህሉ፡፡

5.3. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ጨንፈር ጉጅለ ባህሊ ኢሮብ

ናይ ጨንፈር ጉጅለ ባህሊ ኢሮብ ኣመራርሓ ምስ ካልኦት ጨንፈር ኣመራርሓ ማልኢ ብሓባር ምስ ቦርድ ዝራኸበሉ መድረኽ ብምፍጣር ይስራሕ፡፡ ጉጅለ ባህሊ ኢሮብ ኣብ ዓመት ክልተ ግዘ ምስ ማልኢ ቦርድ ዝራክበሉ ዕደል ብምጥቃም ናይ ባዕሎም ስራሕ ትልምን በጀትን ከምኡውን ገምጋሞም የቕርቡ ዘለዎም ፀገማትን ካልኦትን ብሓባር ዝርአሉም ዕደል ክህሉ ብምግባር ይስራሕ፡፡ በዚ መሰረት ጉጅለ ባህሊ ኢሮብ ንባዕሎ ብምድላው ሓባር ስራሕቲ ምስ ማልኢ ዋና ቤት ፅሕፈት ይኩን ምስ ጨፈራት ብምስራሕ ናይ ማልኢን ጉጅለኦምን ዕላማታት የጠናኽሩ፡፡ ፍሉይ ናይ እቶት መድረኻት እንተህሉ ወሳኒ ተሳትፎን ተዋስኦን ንክህልዎ ብምግባር ካብ ናይ ዝተረኸብ እቶት መጠን ዝሕሰብ ክሳብ 15 % ክሕሰበሎም ብምግባር ወፃኢታቶም ክሽፍነሎም ብምግባር ክስራሕ ይግበር፡፡ እዚ መሰረት ሓሳብ መበገስ ዝገበረ እዋናዊ ርክብ ብፍሉይ ምስ ቦርድ ኣቦወንበር ብምርኻብ ዝስራሕ ይኸውን፡፡ ጉጅለ ባህሊ ኢሮብ ሳሆን ባህሊን ንምዕባይን ንምዕቃብን ዘለዎም ተራ ዓብይ ስለዝኾነ ነዚ ግምት ብምሃብ ፍሉይ ናይ ገንዘብን ማተርያልን ድጋፍ ዝግበረሎም ዕዳላት ብምፍጣር ክስራሕ እዩ፡፡

5.4. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር ዩኒቨርሲት ተምሃሮ

እዚ ጨንፈር እዚ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዘለው ዩኒቨርሲታት ዘለው ተምሃሮ ናብ ሓደ ውዳባ ዝጠርነፈ ጨንፈር ስለዝኾነ ፍልይ ብዝበለ መንገዲ ምርኣይን ምክትታልን ኣገዳሲ ስለዝኮነ እዩ፡፡ ካብ ናይ ማልኢ ስተራተጀክ ትልሚ ዝብገስ ትልሚ ክህለዎም ግን ድማ ናይ ባዕሎም ውሽጠ ደንብን ኣካይዳን ብምጥቃም ዝከደሉ ኣገባብ ንክህልዎ ብምግባር ይስራሕ፡፡ ዕለታዊ ስራሕቶም ብፍሉይ ርክብ ናይ ቦርድ ዳይርክተር ኣቕርቦም ምስፀደቐሎም በቲ መስርሕ ምስ ቦርድ ኣቦውንበር፣ ፀሓፊን ም\ኣቦውንበርን ብምፍጣር ዝስራሕ ይኸውን፡፡ ናይ ስራሕቶም ፀብፃብ ናብ ቦርድ ኣቦውንበር ብምቅራብ ኣካል ፀብፃብ ማሕበር ይኸውን፡፡ ዝርዝር መስርሒ ቦርድ ስራሕ ፈፀሚት ኣቢሉ ክውፀሉ ብምግባር ክስራሕ ይግበር ብሓፅሩ፡፡ ምስ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዋና ቤት ፅሕፈት ዝህልዎም ፍሉይ ርክብ ዝምልከት ንፀሩ መስርሒ ብምዝርዛር እቲ ጨንፈር ዝጠናኸረሉ ከይዲ ይህሉ ነዚ ሓላፍነት ዝወስድ ሓላፍ ዋና ቤ\ፅሕፈት ይኸውን፡፡

## 5.5. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር ዲያስፖራ

እዚ ጨንፈር እዚ ከም ጨንፈር ተምሃሮ ብፍሉይ ክርአ ምግባር ኣገዳሲ እዩ፡፡ ቀዳማይ ምኽንያት ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢ ኣብ ዝተፋላለዩ ዓዲታት ዝነብሩ ኢሮብ ብሓደ ወዳባ ንክርአን ኣብ ወሽጡ በቢከባቢኡ ንኡሳን ውዳባታት ብምጥናካር ሓደ ቁልፍ ዓንዲ ሑቀ ማልኢ ክኮውን ዝገብር ከይዲ ክህልዎ ምግባር ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ካልኦት ናይ ባዕሉ ወድዓዊ ምኽንያታት ስለዘለዎ እዩ፡፡ ስለዚ እዚ ጨንፈር እዚ መበገሰታቱ ናይ ማሕበር ስተራተጅ ኣንፈታት፣ ዋና ሽቶታትን መተሓዳደሪ ደንብን ገይሩ ናይ ባዕሉ ጨንፈሩን ኣብ ትሕትኡ ዝህልዎ ንኡሳን ጨንፈራቱን ብናይ ባዕሉ ከይዲታትን መስርሒታትን ብምጥቃም ኣብ ዓዲ ዘሎ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ስራሕቲ ንምጥንካር ይሰርሕ፡፡ ዋና ርክቡ ምስ ዋና ቤት ፅሕፈትን ቦርድ ኣቦውንበር ኮይኑ ሜላታት ርክቡ ብናይ ማሕበር ልምዓት ዋና ቤት ፅሕፈት ድሕረ ገፅ ኣቢሉ ይኸውን፡፡ ናይ ዝተፋላለዩ መስርሒ ቅዕታት ብናይ ዋና ቤት ፅሕፈት ብዝውሃቦ መበገስ ባዕሉም ቅጥዕታት ሓትሞም ክጥቀሙ ብምግባር ይስራሕ እዚይ ከም ሓደ ፍሉይ ጨንፈር ብምውሳድ ኣብ ውሽጡ ዘለው ንኡሳን ጨንፈራት ካብ ናይ ባዕሎም  ዋና ጨንፈሩ ኣቢሉ ንክበፅሖም ብምግባር ይስራሕ፡፡ ናይ ባዕሉ ሓትሞም ይጥቀሙ እንትባሃል ካብ ክንዳይ ቁፅሪ ጀሚሩ ይሕተሙ ዝብል ብዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዓድግራት ክንፅረሎም ብምግባር ይስራሕ፡፡ እቶም ቅጥዕታት ኣብዚ ማንዋል እዚ ዝተነፀሩ ጥራሕ ይኸውን፡፡ ኣብ ጉባኤ ብፍሉይ ንክሳተፉን ናይ ባዕሎም ገምጋምን ፀብፃብን ናይ ሰለስተ ዓመት ጠምሮ ባዕሎም ከቅርቡን ብምግባር ክስራሕ እዩ፡፡ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ፕሮጅክታት ኣፈፃፀማ ደረጃ ስራሕቲ ዑደት ገይሮም ዘለዎ ምዕባለታት ንጨንፈሮም ክወስዱ ብምግባር ይስራሕ፡፡ ምስ ዝምልከቶም ወረዳ ኢሮብ መንግስት ቤት ፅሕፈታትን ምምሕዳርን ተራክቦም ብዛዕባ ማሕበር ልምዓት ኢሮብን ካልኦትን ክዘተኡ ይክእሉ እዮም ጨንፈር ማልኢ ዲያስፖራ ኣመልከቶም፡፡ ኣብ ወረዳ ቤት ምኽር ኣኼባ ተራኽቦም መግለፂ ማሕበር ልምዓት አሮብ ኣባላት ዲያስፖራ ዝምልከት መብርሂ ክሂቡ ብምግባር ክስራሕ እዩ፡፡ ምስ ጨንፈር ዓዲግራት፣ መቐለ፣ ኣዲስ ኣበባን ካልኦትን ኮሚቴታን ቦርድን  ኣባላት ተራኽቦም ተሞክሮ ክለዋውጡ ይክእሉ እዮም፡፡ ካብ ካልእ ጨንፈር ብዝተፈለየ ናይ ማሕበር ዘለዎ ምዕባለታት ኣብ ዝደለዩዎ እዋናት ሓቲቶም ካብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብስሩዕ ክውሃቦም ብምግባር ክስራሕ እዚ እዋናዊ ሓበሬታ ወይም መረዳእታ ንብትሕኦም ንኡሳን ጨንፈራት ባዕሎም ክመሓላለፉ ይግበር፡፡ ናይ ባዕሎም ዝርዝር ፍሉይ ወሽጠ ደንብ ኣማዕብሎም መስርሒ ብምግባር ክስራሕ ይግበር ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቦርድ ቀርቡ ኣፈልጦ ምስ ተውሃቦ መሰርሒ ምግባር ይከኣል፡፡ ኣብ ዓዲ ወፃኢ ዝነብሩ ደቂ ኢሮብ ብዝሓሸዎ መንገዲታት እናተወደቡን እናተጠናኸሩን ማልኢን ልምዓትን ኢሮብ ክመዕብሉ ፍሉይ ጠመተ ገይርካ ክስራሕ እዩ፡፡ ኣብ ዓዲ ወፃኢ ፕሮጅክትታት ሰርሖም ሃፍቲ ኣተኣካክቦም ፍሉይ ዝበለ ፕሮጀክትታት ክሳብ ምፍፃም ዝኸይዲ ስራሕቲ ኣብ ምስራሕ ትኩረት ክውሃብ ይግበር፡፡ ብዙሕ ኢሮብ ዘለዎ ዓዲታት ወፃኢ ናይ ባዕሎም ጨንፈር ምክፋት ይከኣል፡፡ ክሳብ ሐዚ ዘሎ ናይ ወፃኢ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ አወዳድባ ከምዝሰዕብ ኢዩ (1) አመሪካ፣ ካናዳ፣ አውስተራልያን ኢንግልዝን አውሮፓን (2) ኢስራኤል (3) ሳውኡዲ ዓረብ እዩ እዚ ውዳበ ከምዘሎ ኮይኑ አብ ዝተረፉ ዘለው ተወለድቲ ምስዚ ብዝስመማዕ ወይ ናይ በይኖም ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ጨንፈር__________ ክህልዮም ይከአል፡፡ ዝርዝር መረዳእታ ብምፅናዕን ምስ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ብምዝርራብ ይካየድ፡፡

## 5.6. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ናይ ኢሮብ መንግስቲ ዝምልከት

ኣብ ኢሮብ ወረዳ ካብ ልምዓት ጉጅለ ጀሚሩ ጣብያ ምምሕዳርን ቤ\ፅሕፈትን ጣብያ ቤት ምኽርን፣ ወረዳ ምምሕዳርን ቤ\ፅሕፈታትን ወረዳ ቤ\ ምኽርን ማሓውር ከም ዘሎ ሩዱእ እዩ፡፡ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተጣየሸሉ ስራሕቲ ንምስራሕ ስጥም ዝበለ ርክብ ምስ ወረዳ መንግስታዊ ኣካላት ብምፍጣር ክስራሕ እዩ፡፡ ዝርዝር ኣኻይዳታቱ ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዋና ቤ\ፅሕፈት ኣቢሉ ዝትግበር ኮይኑ ናይ ማሕበር ዓመታዊ ትልሚን ኣፈፃፅማኡን ዝምልከት ፀብፃብ ኩሉ ግዘ ኣብ ዓመት ሓደ ግዘ ናብ ወረዳ ቤት ምኽር የቕርብ እቲ ዝቐርብ ሪፖርትን ቀፃሊ ትልሚን ብማልኢ ዋና ቤት ፅሕፈት ሓሳፊ ኣቢሉ ይኸውን፡፡ ናይ ሓደ በጀት ዓመት ትልሚ ስራሕን በጀትን ኣፈፃፅማ ፀብፃብፃን ገምጋምን ናይ ዝቅፅል በጀት ዓመት ትልሚ ስራሕን በጀትን ብምቕራብ ቤ\ምኽር ክፈልጦን ባዓል ዋና ኮይኑ ክወስዶ ብምግባር ይስራሕ፡፡ ወረዳ ቤት ምኽር በቢርቢዒ ዓመት ስለዝእኽብ ናይቲ በጀት ዓመት ናይ መጀመሪያ ርቢዒ ዓመት ኣኼባ ቤት ምኽር ወረዳ ብምጥቃም ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ቤ\ምኽር ይራኸብ ኩሉ ግዘ ኣብ ጥቅምቲ ወርሒ ይኸውን፡፡ ኣብዚ መድረኽ እዚ ዝቐርብ ትልሚ፣ ፀብፃብን ገምጋምን ናይ ዝተወደአ በጀት ዓመት 1 ሓምለ ክሳብ 30 ሰነ ከምኡ'ውን ትልሚ ቀፃሊ በጀት ዓመት 1 ሓምለ ክሳብ 30 ሰነ እዩ፡፡ ወረደ ቤ\ምኽር ናይ ማልኢ ትልሚን በጀትን ከምኡውን ገምጋምን ፀብፃብን ምስማፅ ጥራሕ ዘይኮነስ ማልኢ ኣብ ወረዳ ክተግብሮም ዝሓስቦም ስራሕቲ ወይም ፕሮጀክትታት ኣበይ ከባቢ መጀመሪያ ክስራሕ ቅድሚያ ዝውሃቦም ከባቢ ናይ ምፍሳይን ቀደም ሰዓብ ናይ ምስራፅ ስራሕቲን ብወረዳ ቤት ምኽር እናተወሰነ እናተደገፈን ክስራሕ እዩ፡፡ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዚ ናይ ወረዳ ቤት ምኽርን ወረዳ ፈፃሚትን ድሌት ማእኸል ገይሩ ይሰርሕ ብፍሳይ ዓበይት ፕሮጀክታት ዝምልከት፡፡

## 5.7. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ናይ ማሕበር ፕሮጀክታት ተጠቀምቲ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተፋሳሰዩ ሜላታት ብምጥቃምን ናይ ኣባላት ክፍሊትን ኣቢሉ ዝረኸቦም ሃፍቲ ማለት ገንዘብ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ኢሮብ ክውዕል ክገብር እዩ፡፡ ፕሮጀክት ዝስርሓሉም ከባቢ ህዝቢ ማለት ናይቲ ፕሮጀክት ተጠቀምት ናይ ባዕሉም ተሳትፎ ንክህልዎም ዝገብር መስርሒ ብምጥቃም ፕሮጅክት ክስራሕ ምስቶም ተጠቀምቲ ምትእምማን ምርድዳእን ምስ ተበፅሕ ናብ ስራሕ ዝእትወሉ መስርሒ ብምፍጣር ክስራሕ እዩ፡፡ መጠን ተሳትፎ ተጠቀምት ፕሮጀክት ብዓብዩ ብጉልበት ዝሸፈን ኮይኑ ካብቲ ጠቅላላ ወፀኢታት እቲ ፕሮጀክት ክሳብ 20 ክሳብ 25 ምእታው ዝበፅሕ በቲ ፕሮጀክት ተጠቅምቲ ከባቢ ወይም ህዝቢ ክሸፈን ብምሕሳብ ይስራሕ፡፡ ነዚ ጭቡጥ መረዳእታ ብከባቢ ናይ ህዝቢ ምምሕዳር ብፅሑፍ ምስ ቀረበሉ እቲ ስራሕ ይጀመር፡፡ ረብሓን ዕላማን እዚ ከይዲ እዚ ግልፅን ሩዱእን እዩ፡፡

## 5.8. ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ምስ ደገፍቲ ኣካላት

ማሕር ልምዓት ኢሮብ ንደገፊት ኣካላት ግልፅ ዝኮነ ግብረ መስል ብዝስዓስ ሓላፍነት ዝሂብ መሰርሒ ተግባራዊ ብምግባር ክስራሕ እዩ፡፡ ናይ ፕሮጀክት ኣፈፃፅማ ብዝርዝር ፀብፃብ ናብቶም ደገፊት ብምቅራብ ምስቶም ደገፊት ስጡም ርክብ ብምፍጣር ክክየዲ እዩ፡፡ ናይ ፋይናንስ ፀብፃብ ምቅራብ ጥራሕ ዘይኮነስ ፕሮጀክት ብኣካል ዝግምገመሉ መስርሒ ግልፅ

ብምግባር ክስራሕ እዩ፡፡ ዝርዝር መስርሒታትን ኣተገባብራኡን ብማሕብር ዋና ቤት ፅሕፈት መርሒነትን ኣዳሳውነትን ዝፍፀም እዩ፡፡

## 5.9. ማልኢ ምስ ሳሆ ሬድዮን ተለቭዥንን ፕሮግራም

ብደረጃ ማሕበር ይኩን ኣብ ጨንፈራት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣብ ዝዳለዎም መድርኻት እናተራከቡ ሓባራዊ ስራሕ ኣብ ምስራሕ ክተሓባበሩ ብምግባር ክስራሕ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ልምዓታዊን ካልኦትን ኣብ ምስራሕ ዝገብሮም ምቅንስቃሳት ኣብ ምግፋሕን ኣብ ምፍላጥን ዓብይ ተራ ክህልዎ ብምግባር ክስራሕ እዩ፡፡ ዝርዝር ናይ ሓባራዊ ምቅንስቃስ ዝትግበረሉ ዝርዝር መስርሒ ብምድላውን ብምትግባርን ዝበለፀ ስራሕቲ ንምስራሕ ምእንታን ክከኣል ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ቦርድ ስራሕ ፈፃሚ ብዝንፅሮም መስርሒ ኣቢሉ ስጡሙ ዝኮነ ስራሕቲ ብዋና ቤ\ፅሕፈትን ጨንፈራትን ዝምራሕ ስራሕቲ ብሓባር ብምርድዳእ ውፅኢታትን ተግባራዊን ዝኮነ ስራሕቲ ክስርሑ ኣብ ምግባር ዓብይ ትኩረት ተዋሂ ይስራሕ፡፡ ሳሆ ቋንቋ ንምዕባይ ጠቀሚ ተባሂሉም እመነቱ መደረኻት ንምድላው ዘክእሉም ናይ ገንዘብ ድጋፌ ብማሕበር ልምዓት ኢሮብ ክግበረሉም ተሓሳብ ዝገበረ በጀት ክትሓ ብምግባር ይስራሕ ካብ በጀት ዓመት ማልኢ በጀት ክንዳይ ምእታው ዝኮውን ይሂሰቡሉም ንዝብል ዝርዝር ብቦርድ በቢዓመት ዝውሰን ይኮውን

## 5.10. ናይ ማልኢ ልምዓት፣ ባህሊን ቋንቋን መደባት መፈፀሚ ገንዘብ ምትእኽካብ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ በቢዓመት ትልሚን በጀትን እናዳለው ናይ ዓመት ሽቶታት ንምፍፃም ብትልሚ መሰረት እቶም መደባት መፈፀሚ በጀት ብምትእልሳሽ ክፍፅም እዩ፡፡ በቢጨንፈራቱ ፍሉይ እቶት መተኣካቢ መድራኻት ብምድላው ናይ ማልኢ መደባት መፈፀሚ ገንዘብ ንምርካብ ክስራሕ እዩ፡፡ ጨንፈራት ናይ ባዕሉም እቶት መተኣካኽቢ መተግበሪ ትልሚ ብምድላውን ናብ ቦርድ ማለት ናብ ዋና ቤ\ፅሕፈት ብምቅራብን ብምፍቃድን ክፍፀም እዩ፡፡ ምኽንያቱ ኣብ ዝተፈላለዩ ጨንፈራት ክትግበሩ ዝተትሓዙ ናይ እቶት መተኣካኽቢ መድረኻት ንንባዕሉም ናይ ግዘ ፀገም ከይጋጠሞም ብዋና ቤ\ፅሕፈት ተማእኽሉ ምእንታን ክፍፀም እዩ፡፡ እንተዘይኮይኑ ጨንፈራት እቲ መደበ ክዕወተሉም ዝኽእሉም ስራሕቲ ብምሉእ ናፅነቶም ክትግበሩን ውፅታዊ ንክኮኑን ብምሕሳብ ክከይዲ እዩ፡፡ ኣብነት እቶት መተኣካቢ መድራኻት ትልሚ መፈፀሚ በጀት ስፓንሰር ኣላልሾም ዝረኽቡዎ ገንዘብ ኣጠቓቕማ ኣብ ማሕበርና መሰርሒ ማንዋል ዝተቐመጡ ቅጥዕታትን እቶት ትልሚ ናይ ባዕሉምን መሰረት ይኹን እምበር ገንዘብ ወፃኢ ገርካ ኣብ ስራሕ ምውዓል ኣብዚ ማንዋል ከም ዝተጠቐሰ ትእዛዝን ፍቃድን ካብ ቦርድ ኣቦውንበር ከይድለዮም ክጥቀሙ ብምግባር ክስራሕ እዩ ምኽንያቱ እቶት መተኣካኽብ መድረኽ ትልሚ ናብ ቦርድ ቀርቡ ዝፀደቐ ትልሚ መስረት ይስራሕ ስለዘሉ እዩ፡፡ ዕላማኡ ከዓ ንስራሕ ኣሳልጦ ስለዝኮነ እዩ፡፡

6. መጠቃለሊ

ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ካብ ዝምስረት 1995 ዓ\ም መወዳእታ ጀሚሩ ክሳብ 2007 ዓ\ም ዝነበሮ ጥንኩርን ድኹምን ጎንታት ብዝርዝር ተፀንዑ ቀፃሊ 5 ዓመት ሓፈሻዊ ስተራተጅን ኣንፈትን (ካብ 2008 ዓ\ም ክሳብ 2012 ዓ\ም) ንማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣባላት ቀርቡ ክምዕብል ተገይሩ እዩ፡፡ እዚ ናይ ሕሉፍ ጉዕዞ ማልኢ ዝርዝር ገምጋም፣ ቀፃሊ ስተራተጅን ኣንፈትን፣ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ሳልሳይ ጉባኤ ጉንቦት 2002 ዓ\ም ስተራተጅክ ትልሚ ጀሚሩ ክሳብ ሕዚ፣ ካብ መጀመሪያ ጀሚሩ ክሳብ ሳልሳይ ጉባኤ ማልኢ ዝነበረ ኩነታት ዝገልፅ ፀብፃብ፣ ዝተመሓሸ መተሓዳደሪ ደንብን ካልኦትን ስራሕቲ ብምስራሕን ብምጥማርን ራባኣይ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ 2 ነሓሰ 2007 ዓ\ም ኣብ ከተማ ኣግራት ልዕሊ 85 ጉባኤተኛታት በዘሳተፈ ተካይዱ እዩ፡፡ እዚ ጉባኤ እዚ ኣብ ሳዕሊ ዝተጠቐሱ ኣጀንዳታት ብዝርዝር ተማይጡ ብምፅዳቅ ብማሕበር መተሓዳደሪ ደንብ መሰረት ንቀፃሊ ሰለስተ ዓመት( 2008 ክሳብ 2010) ዝመርሑ 11 ኣባላት ዘለዎ ቦርድ መሪፁ እዩ፡፡

እዚ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ራባኣይ ጉባኤ ኣጀንዳታት መሰረትን ንኡ ብዝበለፀ ኣብ ባይታ ንምትግባርን ዘኽእሉ ዝርዝር መስርሒ ማንዋል ኣብ ምሕዳራ ፋይናንስ፣ ንብረት፣ ዕደጋ፣ ሓይል ሰብ፣ ርክብን ካልኦትን ተዳልዩምን ብምትግባርን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዕላማታትን ሽቶታትን ንምፍፃም ቁልፍ ሙኻኑ ብምርዳእ ዝተዳለው ማንዋላት እዮም፡፡ ስለዚይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ መስርሒ ማንዋል ኣብ ምምዕባልን ኣብ ምርዳእን ቁልፍ ተራ ክህልዎም ይግባእ፡፡ ምኽንያቱ እዚ መስርሒ ማንዋል እዚ ዝትግበርን ክትግበር ዝገብርን ኣባል ማልኢ ጥራሕ ስለዝኾነ እዩ፡፡ ካብ ሳዕሊ ንታሕቲ ካብ ታሕቲ ንሳዕሊ ጉን ንጉን እንታይ ከይዲታት ክህልዩ ከም ዘለዎ ንኩሉ ግልፂን ዝርዝርን ምግባር ዘለዎ ረብሓን ጉድኣትን ብመፅናዕት ተረጋገፁ እዩ፡፡ ስለዝኮነ ከዓ እዩ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ እዚ ማንዋል እዚ ንኣባላት ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ኣቕርቡ ዘሎ፡፡

7. ትግበራዉነቱ እዚ መምሪሒ

እዚ ናይ ማሕበር ልምዓት ኢሮብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ምሕደራ ማንዋል ካብ ጉንቦት 2008 ዓ\ም ተፈሪሙ ተግባራዊ ክከዉን ትፅቢት ይግበር፡፡ እዚ ማንዋል ኣዚ ማንዋል ዘይተካተተን ዘይሰርሐን ኩነታት ክፍጠር ብቦርድ ኣቦወንበርን ኣባላት ቦርድን መፍቲሒ ውሳነ ይወሃቦ፡፡